# ፈደራላዊ ግዚያዊ መደብ ጥዕና (ፈግመጥ)

## ሓበሬታ ንስደተኛታትን ዕቑባት ሰባት

### ፈግመጥ እንታይ እዩ?

ከም ስደተኛታትን ዕቑባትን ክሳዕ ቀወምቲ ነበርቲ ወይ ዜጋታት ካናዳ ትኾኑ ፡ መድሕን ጥዕና መንግስቲ ክትረኽቡ ኣይትኽእሉን።

ክንክን ጥዕና ክትረኽቡ ፡ ካናዳ ፈደራላዊ ግዚያዊ መደብ ጥዕና(ፈግመጥ) ኣዳሊያ። ናይ መንግስቲ ክፍሊ ሃገር መድሕን ጥዕና(ውኣሕ) ክሳዕ ትረኽቡ ፈግመጥ ንዝበዝሕ ክፍሊት ክንክን ጥዕና ዝሸፍነልኩም መደብ እዩ።

ፈግመጥ ዘካይዶ ትካል ሕክምና መዳቬ ብሉ ክሮስ እዩ።

ንዝያዳ ኣፍልጦ ብዛዕባ እዚ ትካል ኣብዚ ረኣዩ ፡ medaviebc.ca.



A PROJECT OF:

DIVERSEcity community resources society

FUNDING BY:

BRITISH COLUMBIA | WelcomeBC

SOUTH FRASER Refugee Readiness Team

# ፈግመጥ እንታይ ይሸፍን?

## መሰረታዊ ክፍሊት ጥዕና

- ክኢላታት ክንክን ጥዕና ዝህብዎ ኣገልግሎታት (ከም ዶክተራትን ነርሳትን)
- ኩሉ ኣገልግሎታት ሆስፒታላት (እንተላይ ኣብ ሕክምና ምስትኣትዉ)
- ክንክን ጥንሲን ምርኣይ ኣዴታትን ቆልዑትን ኣገልግሎት ኣምቡላንስን
- ዝተወሰኑ ዝተኣዘዙ መድሃኒታት (ኣየኖት እዮም ኣብዚ ኣቲኹም ረኣዩ pharmacareformularysearch.gov.bc.ca/Search.xhtml)

## ተወሳኺ ምሸፋን ጥዕና

- ኣድላዪ ናይ ዓይንን ስንን ክንክን
- ብናይ ውልቂ ኣለይት ወይ ነርሳት ዝወሃብ ክንክን ጥዕና ኣብ ገዛን ናይ ነዊሕ ግዜ ቦታ ክንክን
- ቀረባትን ኣቕሑትን ሕክምና

## ቅድምን ድሕርን ምምጻእ ዝግበር ሕክምናዊ መርመራን ምርኣይን

- ቅድሚ ካናዳ ምምጻእ ኣድላዪ ዝኾነ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት (ከም ክታበትን ካልእን)
- ሓንቲ መርመራ ሕክምና ኢሚግሬሽን



## ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ

- ኣገልግሎትን ቆጸራታትን ምኽሪ
- ብክኢላጥዕና ኣእምሮ ዝተኣዘዘ መድሃኒታት

### መዓስ እዩ ፈግመጥ ዘይሸፍን?

ንኩሉ ወጻኢታት ወይ ብኸፊል ዝሸፍን መድሕን ክንክን ጥዕና ምስዝህልወኩም ፡ ፈግመጥ ዝሸፍነልኩም ክትቅበሉ ኣይትኽእሉን።

# ቅድሚ ናብ መሃቢ ክንክን ጥዕና ምኻድኩም ክትፈልጥዎ ዘለኩም

**ተወሳኺ: ኣብዚ ገጽ ዘሎ መምርሒታት ክሕግዝኹም ንትካል መነባብሮ ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም።**

## መጀመርያ : ንወሃቢ ክንክን ጥዕና ደዊልኩም ሕተትዎም: “ምስ ፈግመጥ ተመዝጊብኩም ዲኹም?”

**እወ እንተመሊሶም**:
ንወሃቢ ኣገልግሎት ቅቡላት ምዃንኩም ንምርግጋጽ ሓንቲ ካብዘን ሰነዳት ምሳኹም ተማልእዎ:

- "ምቕባል ጠለብን ምልክታ ንቃለ መጠይቕ ምምላስን" ደብዳቤ
- ሰነድ ስደተኛ ሓታቲ ዑቕባ
- ምስክር ወረቐት ፈደራላዊ ግዜያዊ ጥዕና





**ኖኖ እንተመሊሶም**:
ኣብ ፈግመጥ ዝሳተፉ ካልኦት ወሃብቲ ኣናድዩ።

- ዝርዝር ዝሳተፉ ወሃብቲ ኣብዛ ሊንክ ረኣዩ : ifhp.medaviebc.ca/en/providers-search

**መልሶም ርጉጽ እንተዘይኮይኑ**:
ንውሃብቲ ኣባላት ናይ መዳሼ ብሉ ክሮስ እንተኾይኖም ክትሓትዎም ትኽእሉ.

- እንተኾይኖም : ሸዑኡ ንናይ ፈግመጥ ቅጽበታዊ ቅብሊት ምልኣኽን ክፍሊት ምቕባልን እትዋት ምዃኖም ክትነግርዎም ትኽእሉ።

## ኣብ ፈግመጥ ዘይሳተፍ ወሃቢ ኣገልግሎት ወይ ክንክን ክትረኽቡ ግድን ኣይኮነን!

ሕቶታት ኣለኩም?

ናብ ኢሚግሬሽን ስደተኛታት ዜግነት ካናዳ ደውሉ : **1-888 242-2100**

# ድሕሪ ናብ ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕና ምኻድኩም ክትፈልጥዎ ዘለኩም

ድሕሪ ምኻድኩም : ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕናኹም ከምዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ትመስል ፎርም ክህበኩም እዩ። ኣገልግሎት ወይ ፍርያት ከምዝተወሃብኩም ንምርግጋጽ ክትፍርሙ ኣለኩም።

ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕናኹም ነዛ ዝተምልአት ፎርም ናብ መዳቬ ብሉ ክሮስ ክሰዳ እዩ (እዚ ናትኩም ሓላፍነት ኣይኮነን).



ተወሳኺ: ካብ መዳቬ ብሉ ክሮስ ኣገልግሎት ወይ ክንክን ተቐቢልኩምዶ ዝብል ደብዳቤ እንተተላኢኹም ‘’እወ’’ ኢልኩም መልሱ : ኣብ ደብዳቤ ዘሎ መምርሒታት ተኸተሉን ብእኡ መሰረት ስደድዋን።

## ቀጻሊ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ንፈግመጥ ባዕለይ ድየ ዘመልክት?**
ንፈግመጥ ምምልካት ኣየድልየኩምን እዩ። ናይ ስደታኛ ወረቐትኩም ንዝሸፍነልኩም ብቐጽበት ይጅምር።

**ንፈግመጥ ከይረክብ ክዕንቅጾኒ ዝኽእል እንታይ እዩ?**

- ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተነጺጉን እንተላይ ቅድመ-ምስጓግ መምዘኒ ከተመልኩቱ ኣይትኽእሉን
- ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ገዲፍኩሞ ወይ ራሕሪኩሞ
- ካብ ካናዳ እንተወጺኹም

**ወሃቢየይ ምስ ፈግመጥ ዝተመዝገበ እንተኾይኑ ንዝረኸብኩዎ ኣገልግሎት ወይ ክንክን ምኽፋል ይድልየኒ ድዩ?**
ብፈግመጥ ዝሸፈን ምሉእ ኣገልግሎት ወይ ክንክን ምኽፋል ኣየድልየኩምን እዩ (መሰረታዊ ምሸፋን ሕክምና ገጽ 4 ረኣዩ)።

**ብፈግመጥ ክሸፈን ዝግብኦ ግን ዝኸፈልክዎ ኣገልግሎት ወይ ክንክን ክፍሊት ይምለሰኒዶ ?**
ኖኖ!ካብ ጅቡኻም ንወሃቢ ዝኽፈልኩሞ ኣይምለሰኩምን እዮ : ዋላ ኣብ ትሕቲ ፈግመጥ ይኹኑ!


IN COLLABORATION WITH:

Western SocialScience

Network for Economic and Social Trends (NEST)

A PROJECT OF:

DIVERSEcity community resources society

FUNDING BY:

British Columbia

WelcomeBC

South Fraser Refugee Readiness Team